# ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ኣብ ኢጣልያ
# COMUNITÀ ERITREA in ITALIA

## ኣካየድቲ ሽማግለታት ኢጣልያ መንፈቓዊ ዋዕልኦም ኣካይዶም

ካብ 13 ከተማታት ኢጣልያ ዝተላእኩ 70 ኣካየድቲ ማሕበራውያን ሓይልታት ( ማሕበረ-ኮም፣ ህ.ግ.ደ.ፍ፣ ሃ.ማ.ደ.ኤ፣ መንእሰያትን ) ብዕለት 30 መስከረም 2012 ኣብ ከተማ ሚላኖ፣ ናይ ሽድሽተ ወርሒ ምዱብ ኣከ ؍ባበምክያድ ገምጋም ንጥፈታቶም ኣቕኒዮም።

ኣምባሳደር ሃገር ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ ኣቶ ዘመደ ተኽለ ንህለው ፖለቲካውን ቁጠባውን ኩነታት ኣብ ሃገርናን ካባቢናን፣ ከምኡ እዉን ኣብ ኢጣልያ፣ ብደረጃ ኤምባሲ ናይ ዝተካ የዱ ኣገደስቲ ንጥፈታት ዝምድናታትን ዝርዝራዊ መግለጺ ድሕሪ ምሃቡ ብተሳተፍቲ ንዝተረበሉ ሕቶታት መሊሱ።

ቆንስል ሃገር ኤርትራ ኣብ ሚላኖ ኣቶ ርእሶም ገብረግዮርጊስ ንዕማማትን ንጥፈታትን ቆንስላዊ ጉዳያት ሕጋዊ ኣሰራርሕኡን፣ ንዕዙዝ ተራን ኣበርክቶን ማሕበረ ኮማት ዝያዳ ዘዕዝዝ መደባትን ንዝተካ የዱዕማማትን ኣመልኪቱ መግለጺ ኣቕሪቡ።

ኣቶ ደረስ ኣርኣያ ኣብቲ ብዕለት 27-28 ነሓሰ 2012 ዝተካ የደዋዕላ ወፍሪ ድሕሪ ምስታፍ ንዕላማን መደባትን ተልእኮን ተራን ኤርትራያን ኣብዚ ወፍሪ እዚ ብዝምልከት ንሓለፍቲ ንኣካየድቲ ሽማግለታት መግለጺ ኣቕሪቡ።

ኣብቲ ቀጺሉ ዝተካ የደ መንፈቓዊ ንጥፈታት ስራሕን መደባትን ዝግምግም ጸብጻብ ናይ ኩለን ማሕበራዉያን ሓይልታት ብሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣብ ኢጣልያ ኣቶ ግርማይ ሃብተሚካኤል ድሕሪ ምቕራቡ፣ ብሓለፍቲ ጨናፍርን፣ ንኡሳት ጨናፍርን ኢጣልያ በብከተምኦም ናይ ዘካየድዎ ንጥፈታት ዕማማትን ጸብጻብ ኣቕሪበን፣ ዘተን ክትዕን ከምኡ እዉን ንዝተራእዩ ኣወንታዊ ምዕባሌታትን ድኽመታትን ገምጋም ድሕሪ ምግባር ናይ ዝመጽእ 6 ወርሒ መደብ ስራሕ ብምሕንጻጽ ኣብ ጎኒ ህዝቦምን መንግስቶምን ብም኿ን ብዝሓ የለ ዉዳቤ፣ ንጥፈታቶም ከም ዝቕጽሉን ኣረጋጊጾም።

ዓወት ንሓፋሽ
ህዝባውን ኮማዉን ጉዳያት ኢጣልያ